Irob Development Association (IDA)

# ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

# ካብ ካብ ጥሪ/ 2006 ክሳብ  ታሕሳስ/2008 መደበኛ  ናይ ስራሕ ሪፖርት

*ለካተት 2008*

*መቐለ*

1. መእተዊ ........ 3

1 .1 ኣመሰራርታ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ(ማልኢ)........ 3

2 . ዕላማ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማልኢ) Irob Development association (IDA ........ 4

2. 1 ሓፈሻዊ ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ........ 4

3. ራእይ ፤ ልኡኽ ማልኢ ........ 4

Mission and Vision of IDA ........ 4

3. 1 ዝርዝር ዕላማታት ማልኢ ........ 4

4 . ዝርዝር ስራሕቲ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ካብ 2006 ክሳብ 2008 ኢሮብ ሪፖርት ........ 6

5. በዝሒ ኣባላት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ........ 10

## 1. መእተዊ

### *1.1 ኣመሰራርታ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ(ማልኢ)*

ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ተወለድቲ ኢሮብ ተወዲቦም ፀገም ህዝቦም ንምፍታሕ ብዙሕ እናተንቀሳቐሱን ብኸመይ እንተተወዲብና ይሓይሽ ብምባል በብወገኖም እናተዛተዩ እናሀለዉ ብ1990 ዓ.ም ሃንደበታዊ ኲናት ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ተኸሲቱ ህዝብና ንኸቢድ ፀገምን ሞትን ምብትታንን ተጨዊዮም ዝተወሰዱ ወገናትና ሃለዋቶም ዘይፍልጥሉ ኲነታት ተፈጢሩ ድሕር'ቲ ኲናት ህዝብና እግሪ ክተክል ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት እናተገበረ እናሃለወ ዝተኸበሩ ኣባ ተስፋይ በራኺ ካብ ኣሜሪካ ብ1994 ዓ.ም መወዳእታ ከበቢ ብምምፃእ እዚ ፀገም ንምፍታሕ ናይ ሙሁራት ኢሮብ ውዳበ ነመስርት ብምባል ኣብ መቐለ ካቶሊክ ቤተክርስትያን ግቢ የዘራርቡና'ሞ እቲ ሽዑ ዝነበረ ታኣካባይ ኣተሓባባሪት ኮሚቴ ንምረፅ ብምባል እዞም ዝስዕቡ ሰባት መበገሲ ሓሳብን መታሓዳደሪ ደንቢ ኣርቒቖም ክመፁ ተመሪፆም፡-

እዛ ኮሚቴ እዚኣ በቲ ሽዑ ግዜ ናይ ሙሁራት ማሕበር ካብ እንብሎ ንጠቕላላ ተወለድትን ፈተውትን ኢሮብ ክጥርንፍ ዝኽእል ውዳበ ንመስርት ብምባል ዝተፈላለዩ ሽማት ፕሮፖዛል ብምሓዝ ዕላማ ናይቲ ማሕበርን መታሓዳደሪ እቲ ማሕበር ኣብ ሓፂር ግዜ ቐትርን ለይትን ብምስራሕ ብ1994 ዓ.ም ወርሒ ነሓሰ ኣጠናቒቓ ናብ ተወልድቲ ኢሮብ ነበርቲ መቐለ ተቕርብ። ካብቶም ቐሪቦም ዝነበሩ ሽማት ምስቲ ናይ ሽዑ ዝነበረ ፀገም ክገልፅ ዝኽእል ተባሂሉ ዝተመረፀ

"ማሕበር ሕውየትን ልምዓትን ኢሮብ" (ማሕልኢ) (Irob Nationality Rehabilitation and Development Association (INRDA) ዝብል ማሕበር ብዕለት 25/መስከረም 1995 ዓ.ም ተመስሪቱ።

2 ኣብ 1995 ማሕበር ዝመሰረቱ ነበርቲ ከተማ መቐለ ዝስዕቡ'ዮም፡-

ኣይተ ደስታ ተስፋይ -(ደስታ ኢሮብ)

2. ክቡር ኣባ ምስግና ወልዱ

3. ኣይተ ፍትዊ ምስግና

4. ኣይተ በርሀ ሃይለማርያም

5. ሲ/ር መድህን ተስፋይ

6. ኣይተ ጠዓመ ማሓሪ

7. ኣይተ ኣሰፋ ተሰማ

8. ኣይተ ሓጐስ ምራጭ

9. ኣይተ ተስፋይ ገብራይ

10. ኣይተ ኣስገዶም በርሀ

11. ኣይተ ካሕሳይ ደበሱ

12. ኣይተ ሃ/ማርያም ዮሃንስ-

13. ወ/ሮ ትብለፅ ገብራይ

14. ኣይተ ጋይም ወልደጊዮርግስ

15. ኣይተ ሓጐስ መደህን

## 2 . ዕላማ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማልኢ)

Irob Development association (IDA

### *2. 1 ሓፈሻዊ ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ*

- ናይ ልምዓትን ማሕበራዊ ግልጋሎት ስራሕቲን ብምስራሕ ድኽነት ምንካይን መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ምምሕያሽን
- ባህልን ቋንቋን ቅርስን ብ/ሰብ ኢሮብ ምዕቃብን ምምዕባልን'ዮም

## 3. ራእይ ፤ ልኡኽ ማልኢ

Mission and Vision of IDA

- ራኢይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ድማ ካብ ድኽነትን ድሕረትን ድንቁርናን ዘተላቐቐ ዘላቒ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ዝነገሰላ ኢሮብ ምርኣይ።
- ልኡኽ ኣብ ዓድን ወፃኢን ዘለዉ ተወልድትን ፈተውትን ኢሮብ ኣብ ትሕቲ ፅላል ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብምውዳብ ኣብ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ኣብ ባህልን ቋንቋን ትምህርቲ ጥዕናን ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን መደባት ብምስታፍ መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ክማሓየሽን ሓድነት ህዝቢ ኢሮብ ክጥንክርን ምፅዓር'ዩ።

### *3. 1 ዝርዝር ዕላማታት ማልኢ*

- ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ብምስራሕ ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ድኽነት ክቕነስ ምግባር።

- ድኽነት ንምጥፋእ መሰረቱ ማሃይምነት ምጥፋእ ስለዝኾነ ፅሬት ት/ቲ ብምርግጋፅ ኢሮብ ብትምህርቲ ሞደል ምግባር።
- ቋንቋን ባህንልን ህዝቢ ኢሮብ ብምዕቃብን ብምምዕባልን ህዝቢ ኢሮብ ተጠቃማይ ቋንቋኡ ክኸውን ምግባር ምዕቡል ባህሊ ዓለም-ለኸ ተፈላጥነት ክህልዎ ምግባር።
- ናይ ስራሕ ባህሉ ምዕቡል ዝኾነን ዓዱን ህዝቡን ዝፈቱ መንእሰይ ክፍጠር ፃዕሪ ምግባር።
- ኩለመዳያዊ ናይ ባህሪ ለውጢን ዘመናዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሕብረተሰብ ምፍጣር።
- ሓድነት ህዝቢ ኢሮብ ምጥንኻር ነንባዕሉ ክከባበራን ምስ ካልኦት ህዝብታትን ተኸባቢሩ ክለምዕ ዘኽእል ኩነታት ክፍጠር ምፅዓር።
- ባህላዊ ሓድግታት ኢሮብ ክዕቀቡን ሃገር-ለኸን ዓለም-ለኸን ኣፍልጦ ንክረኽቡን ንግልጋሎት  ኣብ ቱሪዝምን ንኽውዕሉ ምግባር።
- ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መዳይ ክረጋገፅ ምግባር
- ጥዒናኡ ዝሓለወ ሕ/ሰብ ንምፍጣር ህዝብና ካብ ክከላኸሎም ዝኽእሉ ከም ኤች ኣይ ቪ ኤድስ HIV/AIDS ዝበሉ ሕማማት ንባዕሉ ክከላኸልን በዚ ሕማም ንዝተጠቕዑ ኣሕዋትና ግቡእ ክንክንን ድጋፍን ምግባር።
- ስነ-ቃልን ታሪኽ ህዝቢ ኢሮብን ብፅሑፍ ናብ ወለዶ ክማሓላለፍ ምግባር።
- ፅሬት ት/ቲ ንምርግጋፅ ሞራላዊ፣ ሙያዊን ማተርያላዊን ሓገዝ ምግባር።
- ቋንቋ ሳሆ ፅሬቱ ብዝሓለወ መንገዲ ኣብ ኣብያተ ት/ቲ ክዋሃብ ምሕጋዝ።
- ምዕራይ ኣፃሓሕፋ ቋንቋ ሳሆ ክህሉን ነዚ ዝሕግዙ ስራሕቲ ምስራሕን ምሕጋዝን።
- ከየንትን ደረስትን ኢሮብ ብሓሳብ፣ ብገንዘብን ብሞራልን ብምሕጋዝ ቋንቋን ባህልን ኣብ ምዕባይ እጃምና ምፅዋት።
- ቋንቋ ሳሆ ናይ ሚድያ ሽፋን ንክረኽቡ ምስ ዝምልከቶም ብምኧን ፃዕሪ ምግባር።
- ብትምህርቶም ፀብለልታ ዝርኣዩ ተምሃሮ ብምሽላም ኣብ ፅሬት ትምህርቲ ምምፃእ እጃምን ምውፃእ።ናብ ኩሉ ኸባቢ መሰረተ ልምዓት ክበፅሕን ህዝብና ተጠቃሚ ፅሩይ ዝስተ ማይ ክኸውን ምፅዓር።

- ህዝብና ተጠቃሚ ዘመናዊ ሜላ ኣጠቓቕማ እንስሳን ውፅኢት እንስሳን ክኸውን ምድጋፍን ማዕረ ኢሮብ ዓለም-ለኸ ተፈላጥነት ክህልዎ ምግባር።
- ኩሎም ሽንጥሮታት ኢሮብ ብምግዳብ ዓቕሚ ማይ ከርሰ-ምድርን ልዕሊ ምድርን ክዓቢ ምግባር
- ፍሉይ ብልሓት ኣገዳድባ ኢሮብ "ሰጣን ማዱዋ" ዓለም-ለኸ ኣፍልጦ ክህልዎ ፃዕሪ ምግባር።
- ብሓባር ብምስራሕ ሓባራዊ ለውጢ ክምዝመፅእ ብምርዳእ ህዝብና ተወዲቡ ኣብ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ክዋሳእ ምግባር።
- ዓድና ንምንባር ምቹውቲ ክትኸውን ናይ ተፈጥሮ ምሕዋይ ስራሕቲ ትኹረት ተዋሂቡ ክስራሕ ምሕጋዝ።
- ህዝብና ምብኺን ኣወጊዱ ቑጠባ ክለምድ ብምግባር ብቑጠባ ዓርሱ ዝኽእለሉ ኩነታት ምፍጣር።
- ተፀባይነትን ስደትን ዝፅየፍ ሕብረተሰብ ክፍጠር ምፅዓር።
- መንእሰይ ወለዶ ታሪኽን መቁር ባህልና ክርዳእን ክዕቅብን ዲሞክራሲያዊ ኣተሓሳስባን ምክእኣልን ምክብባርን መሰረት ዝገበረ ዕብየት ክህሉ እጃሙ ከወፊ ምፅዓር።
- ኣብ ዝሓፀረ እዋን ድኽነትን ድሕረትን ካብ ምድሪ ኢሮብ ምውጋድ'ዮም።
- እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ዕላማታት ንምስኻዕ ሰፋሕቲ መደባት ሒዝና ኣብ ብምንቅስቓስ ኣብቶም ሓለፉ 12+ ዓመታት እዞም ዝስዕቡ ስራሕቲ ተሰሪሖም።

## 4 . ዝርዝር ስራሕቲ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ካብ 2006 ክሳብ 2008 ኢሮብ ሪፖርት

ኣብ ወፃኢ ዓዲ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምጥያሽ

ኣብ ኩለን ከባቢ ዝርከቡ ተወለድቲ ኣብ ሓደ ውዳበ ምጥርናፍ ብዝተትሓዘ መሰረት ኣብ ኣመሪካ ፤ኢንግልዝን ፤ ጠቅላላ አውሮፓን ዝርከቡ ተወለድቲ ኣብ ናይ ዲያስፖራ ጩንፈር ወዋኢ መስሪቶም እና ተንቐሳቐሱ ይርከቡ በዚ መሰረት ፤ ካብ ኣባላት ዝተኣከበ ገንዘብውን ናብ ጩንፈር ባንክ ኣተዊ ገይሮም አለው፤፤ ብቐፃልነት አባላት ምዕባይን ንማሕበር ደገፍ እናተገበረ ይርከብ፤፤



ሽልማት ብሉፃት ተምሃሮ፤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናይ ትምህርቲ ደገፍ ንምግባር ብዝሓዞ መሰረት ፤ ኣብ ስራሕ ዓመት 60 ብሉፃት ተምሃሮ ፤በቢ ዓመቱ ብወረዳ ኣቢሉ ልዕሊ 200 ናይ ዩንቨርስቲ ተማሃሮ ሓገዝ ትምህርቲ እናተዋሃበ እዩ።





ካብቶም ብሉፃት ተምሃሮ ኢሮብ ሓንቲን ባንክ ሕሳብ ክኽፈተሎም እንከሎን



ኣብ ኩለን ቤት ትምህርታት ኢሮብ ካብ 5-12 ክፍሊ ልዕሊ 90 ዘምፅኡ ተምሃሮ ምሽላም።በዚ መሰረት 60 ዝኾኑ ተምሃሮ ተሸልሞም እየም፤፤

ካብ 2004 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 2006 ዓ/ም ን180 ብሉፃት ተማሃሮኢሮብ ነንሕድሕዲኦም 600.00 ኣብ ባንኪ ኣታዊ እናተገበረሎም እዩ። ብጠቕላላ ክሳብ ሐዚ ብር 108,000.00 ሽልማት ተዋሂቦም። ፅቡቕ ውፅኢት ዘምፅኡ መምህራንን ኣብያተ ትምህርትን ምሽላም ፤ ብሕፅረት ገንዘብ እዚ መደብ ኣይተፈፀመን ኣብ ቀፃሊ ክንሰርሓሉ ዘለና እዩ።

300 ደገፍቲ መፃሕፍቲ ንኣብያተ ት/ቲ ምሃብ ፅጉማት ናይ 2ይ ብርኪ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ምሕጋዝ። ክሳብ ሐዚ ልዕሊ 400 መፃሕፍቲ ንደውሃን 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተዋሂቡ።

ዝለዓለ ውፅኢት ዘለዎም ተምሃሮ ዩንቨርስቲ ምሽላም ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ቱኽረት ምሃብ።

20 ፅጉማት ደቅኣንስትዮ 2ይ ብርኪ ንንሕድ ሕደን 2000 ብር ጠቅላላ ብር 40000 ሽሕ ድጋፍ ተገይሩ ናይ ዚ መቐፀልታ ቼኤን ኦፍ ላፍ በብዓመቱ ን 40 ፅጉማት ደቅኣንስትዮ 90000 ደገፍ እናሃበ ይርከብ ኣዚ ቐፃሊ ስራሕ እዩ

ካብ 2004 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 2006 ዓ/ም በቢዓመቱ 15 ብሉፃት ተማሃሮ ዩንቨርስቲ ነንሕድሕዲኦም *3,600.00* ብር ን 42 ተማሃሮ 151,200.00 ሽልማት ተዋሂቡ። ንደ/ኣንስትዮ ትኹረት ይወሃብ እዩ።

ካሴት ንዝሕትሙን መፅሓፍ ንዝፅሕፉን ተወለድቲ ኢሮብ ብማተርያል ብሞራልን ምድጋፍ፤

ን 13 ካሴታት ንዘሐተሙ ባህሊ ኢሮብን ኣባላቶምን ዝከኣል ድጋፍ ተገይሩ።

ፅሬት ት/ቲ ንምርግጋፅ ንናይ መዋእለ-ህፃናት መምህራን ስልጠና ብምሃብ ምስ ወረዳ ብምትሕብባር ኣብ ኩለን ኣብያተ ት/ቲ ወረዳና መዋእለ-ህፃናት ክህሉ ምግባር

 

ብተምሃሮ ዩንቨርስቲ ኣቢልካ ናይ ስደት ሕማቅነት ዝገልፅ መብርሂ ብተኸታታሊ ን2ይ ብርኪ ተምሃሮ ምሃብ።

ን2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተምሃሮ ደውሃን ብናይ መቐለ ዩንቨርስቲ ተማሃሮ ኣቢልካ ልዕሊ ክልተ ጊዜ ፊልመን ናይ ስደት ሕማቕነት መብርሂ ተዋሂቡ።

ናይ ሽልማት መድረኽን ናይ ተማሃሮ ዋዕላ እንትካየድ ናይ ስደት ሕማቕነት መብርሂ ይወሃብ እዩ።

ክሳብ ሐዚ 13 ናይ መዋእለ ህፃናት መምህራን ደ/ኣንስትዮ ኣብ ወላይታ ክስልጥና ተገይሩ

ናይ ዩንቨርስቲ ተምሃሮ እንትወፍሩን እንትምለሱን ምሳኣቶም ዘተ ምክያድ።

ስፖርተኛታት ኢሮብ ምድጋፍ። ንሕርይቲ ስፖርት ኢሮብ 36,000.00 ብር ዝዋግኡ ማልያን ጫማን ልማት ተዋሂቡ ቋንቋና ናይ ሚድያ ሽፋን ክረክብ ፃዕሪ ምግባር።

ማሕበርና ኣብ ሃገራዊ ልምዓት እጃሙ ንምዉፋይ 20,000.00 ናይ ኣባይ ቦንድ ገዚእና ኣለና።

ንባህሊ ኢሮብ ምድጋፍ ናይ ሙዚቃ መሳርሒ ፅገናን ባህላዊ ክዳንን ሓገዝ ተገይሩ፣ ጉዱሳት ተወለድቲ ኢሮብ ብምትሕብባር ንናይ ኣዋሳ ዩንቨርስቲ ተምሃሮ ባህላዊ ክዳን ተወፊይሎም።

*ረክብ ህዝብታት ምጥንኻር*

ርክብ ህዝቢ ዓፋርን ኢሮብን ንምጥንኻር ካብ 4-8 ዘሎ ክፍሊ ብሉፃት ተመሃሮ ኣይናድብ ናይ 10,000.00 ብር መፃሕፍቲ ሽልማት ተበርኪቱሎም



በቢ እዋኑ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብምሕዳሰ ናይ ፋናንሽያልን ሪፖርት ብምግባር ናይ ማሕበር ፍቃድ ብእዋኑ ኽሕደስ ተገይሩ እዩ ፤፤

ኣብ ናይ 2007 ናይ ስራሕ ዘመን ፤ ናይ 5ተ ዓመት ስተራቴጅክ ትልሚ ኩሎም ሕብረተሰብ ዘሳተፈ ፅንዓት ብምክያድ ነዚ ማሕበር መሪሕ ዝኸውን ትልሚ ተዳልዩ እየ፤፤

7ተ መምህራን ደቅኣንስተዮ ኣብ ወላይታ ሶዶ ሰልጢነን እየን፤፤ እዚ ኣብ ትምህርቲ ፅሬተን ዕቤትን ናይ ባዕሉ ተራ ከምዘለዎ ይእመን፤፤

እዚ ብተወሳኺ ኣብዚ ዓመት 4ይ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ልዕሊ 100 ሰባት ዝተሳተፍሉ ኣኼባ ኣብ ዓድግራት ከኻይዱ አዩ፤፤ እዚ ወዕላ ብጣዕሚ ታሪካዊ ካብ ሙኻኑ ኣብ ኣባልት ቦርድ ኣብ ወፃኢ ዘለው ተወለድትውን ኣብ ኣባለት ቦርድ ከምተወከልቲ ክሰርሑ ዝተወሰከሉ መድረክ ነይሩ፤፤ ምስዚ ተወሳኺ ናይ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንቢ ኽመሓይሽን ብጠቅላላ ጉባኤ ክፀድቅ ተገይሩ እዩ፤፤ ትልሚ ናይ 2008 ውን ናይዚ ዓመት ስራሕቲ ነይሩ፤፤

ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናይ ተምሃሮ ጩንፈር ብምጥያሽ ኩሎም ተምሃሮ ኣብ ትሕቲ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ክውደቡ ተገይሩ እዩ፤፤ ስለዝኾነ እዞም ናይ ዩንቨርሲቲ ተምሃሮ ኣብ ዓልተናን እንዳልገዳን ብዛዕባ ዘይሕጋዊስደት ንተምሃሮ ኣስተምህሮ ህቦምን ዝተወሰና ሓገዝቲ መፃሕፈቲ ካብ ጉዱሳት ተወለድቲ ኣክቦም እዮም ዓድሎም እዮም፤፤ ምስዚ ተወሳኺ ኣብ መቀለ ብሄር ብሄረ ሰባትን በዓል ኣብ 2008 ብዱሙቅ ኣክብሮም እዮም፤፤

ጉጅለ ባህሊ ኢሮብ ውን ኣብ ትሕቲ ማሕበር ልምዓት ክውደቡ ማሕተም ተሰርሑሎም ኣብ ምንቅስቃስ ይርከቡ፤ እዚውን ኩሎም ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ንጡፋት ኣባላት ከምዝኾኑ ምርዳእ ይከኣል፤፤

ምስ ወፃኢ ዘለው ኣባላት 3ተ ግዜ ናይ ቴለ ኮንፈረንስ ትኻይዱ ፤ እዚ ናይ ማሕበር ምንቅስቃስ ከመይ ክንቖሳቅስ ከምዘለዎ ተሓሳቢ ተግይሩ እዩ፤፤

ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብሓደ ሕሳብ ምእንታን ኽንቖሳቅስ ኩሎም ጨንፈራት ልዕሊ 10 ሽሕ ገንዘብ ናብ ማእከል ሕሳብ አታዊ ንምግባር ተሓስቡ ፤ ወፃኢ፤ ኣድስ ኣበባ ተግበራዊ ምግባር ጀምሮ ኣለወ፤፤

ኣጠቓላሊ ናይ ማሕበር ሕሳብ ካብ 2006 ክሳብ 2008 ኦድት ኽግበር ተገይሩ፤ ጨንፈር ኮሚቴታት ከምብሓድሽ ምዳብ ስራሕቲ ተገይሩ፤ ኣብ ወረዳ ኢሮብውን ጨንፈር ክጣየሽን ብቤት ምክሪ ወረዳ ኢሮብ ኣፍልጦ ክወሀቦ ተገይሩ እዩ፤፤

ኣብ ወረዳ ኢሮብ TVT ንምስራሕ ፕሮፖዛል ተዳልዩ ምስ ሓገዝቲን ወረዳ ምምሕዳርን ኣብ ዝርርብ ንክከብ፤፤

5. በዝሒ ኣባላት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

| ኸባቢ | በዝሒ |
|---|---|
| መቀለ | 70 |
| ኣድስ ኣበባ | 50 |
| ወፃኢ | 86 |
| ዓድግራት | 20 |
| ኢሮብ | 3000 |
| ጠቅላላ ኣባላት | 3226 |

6. ዝጋጠሙ ፀገማት

- ናይ ኣባላት መዋጮ ምዱንጋይ
- ናይ ኮሚቴታት ምድኻም
- ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ብትልሚ መሰረት ዘይምስራሕ
- ብሕፅረት በጀት ናይ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛታት ዘይምህላው
  - ጨንፈር ኮሚቴታት ጥርናፈ ዘይኸባር
  -